# እቲ ክፉእ ጨቓዅት ደርሆ ማይ

ብዴንማርካዊ ደራሲ ኤች ሲ ኣነሽን ዝተጻሕፈ ጽንጽዋይ

ኣብ ሓደ እዋን፡ ኣብ ሓደ ቦታ ሓንቲ ገዛ ጨሩ ትርከብ ኔራ። ኣብታ ገዛ ጨሩ ድማ፡ ሓንቲ ኣብ ልዕሊ እንቋቑሖታታ ኮፍ ኢላ ተምውቕ ዝነበረት ኣደ ደርሆማይ። ትነብር ኔራ። ሕጂ በይና ኣብቲ ቦታ ምህላዋ ሰልቺዩዋ ስለዝነበረ፡ እቶም ጨቓዊታ ካብቲ እንቋቑሖ ዝወጽኡሉ ጊዜ ብናፍቖት ትጽበ ኔራ። ኣብቲ እዋን እቲ፡ ጨቓዊታ ካብ ውሽጢ እቲ ቅራፍ እንቋቑሖ ኪወጽኡ ጀሚሮም። ኩላቶም ንኣሽቱ ደርሆማይ ካብቲ እንቋቑሖ ወጺኦም። ሓደ ዓቢ እንቋቑሖ ግን ተሪፉ ኔሩ። እታ ኣደ ደርሆማይ ተመሊሳ ኣብ ልዕሊ እቲ ዝተረፈ እንቋቑሖ ኮፍ ኢላ ክተሙቖ ጀሚራ። ''ክሳብ ሕጂ ብዙሕ ኮፍ ኢለ ከምውቕ ጸኒሐ እንደየ፣ ሕጂውን ድኻም ኣይኮነንን ነዚ ዝተረፈ ሓቑፈዮ ኮፍ ክብል እየ'' ኢላ።
እታ ኣደ ደርሆማይ ነንዊሕ እዋን ከይሰልከየት ኣብ ልዕሊ እቲ እንቋቑሖ ኮፍ ኢላ ተውዕዮ ኔራ። ኣብ መወዳእታ እቲ እንቋቑሖ ስብር ኢሉ ካብ ውሽጡ ድማ ገለ ነገር ኪወጽእ ጀሚሩ። ''ፒፒ... ፒፒ'' እናበለ ሓደ ንእሽተይ ጨቓዅት ደርሆማይ ናብ ደገ ወጺኡ። እቲ ጨቓዅት ደርሆማይ ገጂፍን ክፉእን ኔሩ። ''ክንድምንታይ ድኣሉ ዝዓቢ ኸ?'' ኢላ እታ ኣደ ደርሆማይ። ''ግን ጽቡቕን ምልኩዕን እዩ'' ኢላ። ''ሕጂ ኩላትኩም ደቀይ ናባይ ተኣከቡ፡ ንዓለም ድማ ከሪአኩም እየ''።

እናሓንበሱ ድማ ናብቲ ደንበ ደርሆማይ በጺሖም። ኣብኡ ድማ ብዙሓት ስድራ ደርሆማይ ይነብሩ ኔሮም። ''እውይ፣ ነቲ ገጂፍን ክፉእን ጨቓዅት ደርሆማይ እባ ርኣዩዎ'' ኢሉ ሓደ ደርሆማይ። ''ነዚስ ኣብዚ ምሳና ክኸውን ኣይንደልዮን'' ኢሉ ሓደ ካልእ። ነቲ ገጂፍ ጨቓዅት ከኣ ነኺስዎ። ''ከምኡ ኣይትግበር'' ኢላ እታ ኣደ ደርሆማይ። ''ግደፉዎ ኣይትተናኾሉዎ''። ''ኣይንገድፎን፡ ብጣዕሚ ገጂፍ፣ ፍሉይን ዘገርምን እዩ። ኣብዚ ምሳና ክህሉ ኣይንደልዮን'' ኢሎም እቶም ካልኦት። ''ኣመና ምልኩዕ ኣይኮነን'' ኢላ እታ ኣደ ደርሆማይ ''ተኾነ ግን ፍትውን ሕያዋይን እዩ፣ ኣብ ምሕምባስ ድማ ኣዝዩ ንፉዕ እዩ''። ኩላቶም ኣብቲ ደንበ ደርሆማይ ዝነብሩ ዝነበሩ ጽቡቕ ህይወት የሕልፉ ኔሮም። ነቲ ገጂፍ ጨቓዅት ደርሆማይ ግን ኩልሻዕ ይደፍኡዎ፣ ብእግሮም ይረግጽዎ፣ ይድህልዎን የባሰጭውዎን ኔሮም። ዝፈትዎ ዓርኪ ኣይነበሮን። እቲ ናይ መጀመርያ መዓልቲ ብኸምዚ ሓሊፉ። ብድሕሪኡ ኣብዘለዋ መዓልታት እውን እናከፍኣን እናገደደን ከይዱ።



*Ender. Foto: Pixabay*

ሓደ መዓልቲ እቲ ደርሆማይ ከምዚ ክብል ሓሲቡ። ‘’ሕጂ መሪርኒ ኣሎ፣ ይኣክል’’። ናብቲ ሓጹር ገጹ ነጢሩ ናብ ላዕሊ ነፊሩ ሓሊፉዎ። በቲ ካልእ ሸነኽ ንኣሽቱ የዕዋፍ ይነብሩ ኔሮም። ምስርኣዩዎ ሰንቢዶም። ‘’ክፉእ ስለዝኮንኩ እዩ’’ እናበለ እቲ ጨቑት ደርሆማይ ሓዚኑ። ክሳብ ኣብቲ ናይ ዱር ደርሆማይ ዝነብሩሉ ቦታ ዝበጽሕ ድማ ክጎዪ ጀሚሩ። ኣብኡ ምስበጽሐ ድማ ኣብቲ ባይታ ዝርግሕ ኢሉ ደቂሱ። ኣዝዩ ደኺሙን ሓዚኑን ድማ ኔሩ።

እቲ ንእሽተይ ደርሆማይ ኣብቲ ቦታ ንክልተ መዓልቲ ጸኒሑ። ድሕሪኡ ናብ ካልእ ቦታ ክኸይድ ጀሚሩ። ብእግሩ ከይዱን ነፊሩን ናብ ውሽጢ ማይ ኣትዮ ሓምቢሱን። ተኾነ ግን ክፉእ ስለዝነበረ ዝኾነ ምስኡ ዝተዛረበ እንስሳ ኣይነበረን። ሕጂ እዋን ቀውዒ ኣኺሉ ኣሎ። ቆጽሊ ብጫ ክኸውንን ክረግፍን ጀሚሩ ኣሎ። ኣዝዩ ድማ ክዝ ሕል ጀሚሩ። እቲ ንእሽተይ ደርሆማይ ድማ ክሳቐ ጀሚሩ።
ሓደ መዓልቲ፡ ጸሓይ ምስ ዓረበት። ብዙሓት ዓበይቲ ጸዓዱ የዕዋፍ ካብቲ ቆጥቋጥ ወጺኦም። ስዋን ዝተባሃሉ ዕብይ ዝበሉ የዕዋፍ እዮም ኔሮም። እቲ ንእሽተይ ደርሆማይ፡ ደስ ዘብሉ ከምዝኾኑ

ተሰሚዕዎ። ሽዑ ኣኽናፎም ዘርጊሖም ናብ ሙቐት ዘለዎ ቦታ ገጾም ክነፍሩ ጀሚሮም። ካብቲ ቆራሪ ዝኾነ ክረምቲ መታን ክርሕቑ ኢሎም። እቲ ንእሽተይ ደርሆማይ ምስኣታቶም ክኸይድ ደልዩ ኔሩ። ዋላኳ ከምኡ ደልዩ ተነበረ፡ ክስዕቦም ግን ኣይከኣልን። ኣስማቶም ኣይፍልጥን ወይ ናበይ ከምዝገሹ እውን ኣይፈልጥን እዩ ኔሩ። ተኾነ ግን ኣዝዩ ፈትይዎም ኔሩ። ምስኣቶም ክኸውን ብጣዕሚ ደልዩ ኔሩ። ዋላኳ ክፉእ ተነበረ፡ ምናልባት የዕሩክቱ ክኾኑ ይኽእሉ ኔሮም?

ክረምቲ ኣትዩ፡ ኩነታት ኣየር እናዘሓለን እናዘሓለን ከይዱ። እቲ ንእሽተይ ደርሆማይ ትም ኢሉ ይሕምብስ ኔሩ፣ ተኾነ ግን፡ እቲ ማይ ብበረድ እናተሸፈነ ከይዱ። ኣብ መወዳእታ ክሕምብስ ኣይከኣለን። በቲ በረድ ድማ ክተሓዝ ጀሚሩ። ኣዝዩ ነዊሕን ቆራሪን ክረምቲ እዩ ኔሩ። ነቲ ንእሽተይ ደርሆማይ ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዋን እዩ ኔሩ። ኣብቲ ቦታ በይኑ እዩ ኔሩ።

ሽዑ ሓደ እዋን፡ ጽድያ ኮይኑ። ጸሓይ ወጺኣ ከተምውቕ ጀሚራ። ናይ መጀመርያ ዕምባባታት ድማ ክበቕሉ ጀሚሮም። እቲ ንእሽተይ ደርሆማይ ተሓጒሱ። ኣብ ከባቢ ሓደ ጀርዲን ናብ ዝርከብ ደስ ዘብል ማይ ድማ ነፈሩ። ኣብኡ ድማ ኣብቲ ቦታ ሰለስተ ሽኮሪናታት ጸዓዱ የዕዋፍ መጺኦም። ኣዝዮም ምልኩዓትን ጽቡቕ ኄሮም ዚሕምብሱን እዮም ኔሮም። ''ናብኣቶም ገጸይ ክሕምብስ ኣለኒ'' ክብል እቲ ንእሽተይ ደርሆማይ ሓሲቡ።  ''ግን ክፉእ ስለዝኾንኩ ክቐትሉኒ እዮም። ተኾነ ግን ካልእ ዝረኽበኒ ኩሉ ካብ ዘበሳጭወኒ እዚኣቶም ተቐተሉኒ ይሓይሽ'' ኢሉ። ናብቲ ስዋን ገጹ ድማ ሓምቢሱ። ሽዑ ነኽናፎም ዘርጊሖሞ። እቲ ደርሆማይ ''እወ ቅተሉኒ ጥራይ ጸገም የለን'' ኢሉ ናብቲ ማይ ኣድኒኑ። ኣብቲ ማይ ድማ ናይ ገዛእነብሱ መልክዕ ክርኢ ጀሚሩ።
ግን ኣብቲ ማይ እንታይ እዩ ርእዩ? ሓደ ክፉእ ንእሽተይ ደርሆማይ ኣይነበረን ርእዩ። ሓደ ምልኩዕ ስዋን እዩ ርእዩ። እወ ንሱ ስዋን እዩ ኔሩ። ገለ ቆልዑት ናብቲ ማይ መጺኦም። ''ርኣዩ እቶም ስዋን  ኣብቲ ኣለዉ'' እናበሉ ዓው ኢሎም ይዛረቡ ኔሮም። ''ሓደ ሓዲሽ እውን ምስኣቶም ኣሎ። ንሱ እቲ ዝጸበቐን ዝመልክዐን እዩ''። እቶም ካልኦት ስዋን ጽቡቕ ኄሮም ሰላም ኢሎሞ። እቲ ንእሽተይ ደርሆማይ ድማ ሓፊሩ ኔሩ። ተኾነ ግን ኣዝዩ ተሓጒ